ፅሑፍን ስእሊን ዊልያም ደ ቪንግ

# ኢየሱስ መድሓኒ ዓለም

## ናይ ዘመናት ዝበለፀ ታሪኽ




# አገደስቲ ቃላት....













**ሓጢኣት** - እግዚኣብሄር ዘይፎትዎ ንገብሮ እግዚኣብሄር ኣብ ዝሓሰበልና ቦታ ንኸይንበጽሕ ዝገብር እዩ። (ገጽ 4)

**መልኣኽ** - ብዓይኒ ዘይርአ ልኡኽ እግዚኣብሄር ( ገጽ .5)

**መሴ** - “ንንግስና ዝተቐብአ ዝብል ኾይኑ ብግሪኽ ድማ ክርስቶስ ማለት እዩ(ገጽ 52.55)

**መስቀል** - ናይ ስቓይ መሳሪሒ ኾይኑ ኢየሱስ ዝሞተሉ እዩ ሕጂ ግና ሰዓብቲ ኢየሱስ ምልክቶም ኾይኑ ኣሎ(ገጽ 25.50)

**መንግስቲ ኣምላኽ** - ንእግዚኣብሀር ንዝእዘዝዎ ዝተወሃበ እዩ።

**መንፈስ ቅዱስ** - ናይ እግዚኣብሄር መንፈስ እዩ ኣብ ኢየሱስ ተኸተልቲ ውሽጢ ዝነብር(ገጽ 58)

**መጽሓፍ ቅዱስ** - ኣብ ውሽጢ መጽሐፍ ቅዱስ እግዚኣብሄር ንሰባት ዘለዎ ተገዳሲነትን ሰባተ ምስኡ ዘለዎ ርክብን ምንባብ ንኽእል

**ምምላስ** - ኢየሱስ ተመሊሱ ምስመጸ ኹሉ ነገር ሓድሽ ክኸውን እዩ። እግዚኣብሄር ሓድሽ ሰማይን ሓድሽ ምድርን ክገብር እዩ(ገጽ 57)

**ምብራኽ** - እግዚኣብሄርን ዝፈቕዶ ነገርን ንዝገብሩ ዝውሃብ ፅቡቕ ነገር

**ሰይጣን** - ዘይረአ ጸላኢ እግዚኣብሄርን ሰብን

**ቁርባን** - ሰዓብቲ ኢየሱስ ሞቱን ትንሳኡን ንምዝካር ብወይኒን ብሕብስቲን ዝግበር እዩ(ገጽ41)

ትርጉም ሽም ኢየሱስ ድማ “ኣምላኽ ኣድሓኒ“ እዩ

**ትንሳኤ** - ኢየሱስ ኻብ ሞት ተንሲኡ ሓደ መዓልቲ ድማ ኹሉ ሰብ ኻብ ሞት ኽትንስእ እዩ እግዚኣብሄር ድማ ንኹሉ ሰብ ኽፈርድ እዩ(ገጽ 53-57)

**ናይ ዘለኣለም ህይወት** - እግዚኣብሄር ኽምዝመደቦ ምስ ኢየሱስ ንዘልኣለም ምንባር(ገጽ 23.29-30.59)

**ንስሓ** - እግዚኣብሄር ንዘይግበኦም ምሒሩ ካብ ልብኻን ተጣሒስኻን ንምቕያር ተፈቒድኻን እግዚኣብሄር ይቕር ይብለካ እዩ(ገጽ 58)


**ኢየሱስ ወዲ ኣምላኽ እዩ** - እግዚኣብሄር ብሰብ ተመሲሉ ናብ ምድሪ መፂኡ

**እምነት** - እግዚኣብሔር ዝበሎ ኩሉ ኽምዝገብር ምእማን(ገጽ 58)

**ደቂ መዛሙርቲ** - ናይ ኢየሱስ ተኸተልቲ (ገጽ 18)

**ፀሎት** - ምስ እግዚኣብሄር ምዝርራብ ቆስ ኢሉን ዓዉ ኢሉን መዝርራብ ኻብኡ ምድማፅ(ገጽ 18.19.42)

**ፋሲጋ** - ናይ ኢየሱስ ትንሳኤ ኣመልኺቱ ዝኽበር ብዓል(ገጽ 38-54)



## ኢየሱስ መድሕን መንዩ?

ኢየሱስ ቅድሚ 2000 ዓመት ኣብ እስራኤል ነይሩ። ኢየሱስ መድሕን ወይ ድማ ኢየሱስ ክርስቶስ ኢልና ንፅውዖ ትርጉሙ ንጉስ ማለት እዩ ግን ድማ ንጉስ ጥራሕ ኣይኾነን ኢየሱስ ወዲ እግዚኣብሄርን ወዲ ሰብን ተባሂሉ ይፅዋዕ። እዚ ማለት ድማ እግዚኣብሄርን ሰብን እዩ ማለት እዩ። ናይ ኢየሱስ ህይወት ታሪኹ ኣብ መፅሓፍ ቅዱስ ተፃሒፉ እዩ። ናይኹልሻዕ ሓቂ ታሪኽ እዩ።

## ናይ ኢየሱስ ጊዜ

ኣቆፃፀራ ዘመንና ምስ ኢየሱስ ውልደት እዩ ጀሚሩ።.ሰባት ብኣእጋሮም፤ ብኣእዱግ፤ ብግመል፤ ወይ ድማ ኣብ ልዕሊ በቕሊ ሕቘ ይጉዓዙ ነይሮም።ኣብ ዝበዝሕ ዓዲ ኢሮፓ፤ ማእኸላይ ምብራቕ፣ ሰሜን ኣፈሪቓን ብሮማዊያን ግዝኣት ዝነበሩዋላ ሓደ ሰብ ምፅሐፍን ምንባብን ኣይኽእሉን ነይሮም። ኣብ እስራኤል ዝነበሩ ኣይሁዳዊያን ግን ይኽእሉ ነይሮም።እቶም ፀሐፍቲ ስባት ተባሂሎም ይፅውዑ ነይሮም።

እግዚኣብሄር ብመፅሐፍ ቅዱስን ብመንፋሱን ይዛረበና እዩ።ንሱ ድማ ዘሎ ነገር ኹሉ ዝፈጠረ እዩ ምስኹሉ ሰብ ድማ ዓርኪ ምድሓን ይደሊ እዩ።እዚ ድማ ኢየሱስ ብግልፂ ኣርእዩና ኣሎ፡:






# እስራኤል ብ ዘመን ኢየሱስ

ዋና ኸተማ የሩሳሌም

ወረዳታት ገሊላ፣ሰማርያ፣ይሁዳ

መጠኑ ብግምት 28 ኪ.ሜትሮ (10810 sq.ማይል)

**ኸባቢ ኣየር** - ወይና ደጉዓ

**ፖለቲኻ** - ቕድሚ ኢየሱስ ልደት ብ63 ዓ/ም እስራኤላዊያን ኣብ ትሕቲ ቑፅፅር ሮማዊያን ውሽጢ ነይሮም

**መንግስቲ** - በዓል ስላጣን ሮማ ጴንጤናዊ ጲላጦስ ኣማሓደሪ እስራኤል ኮይኑ፡ ጤባርዮስ ጠቕላላ ሮማዊ ገዛኢ ነይሩ።

**ሃይማኖት** - ይሁዳውነት ይሁዳውያን ኣብ እስራኤል ውሽጢ ቤተ መቕደስ ኣለዎም ካህናት ድማ ብቲ ሃይማኖት ዘሎ ስርዓት ኹሉ ዝገብሩ ኣለው። መማህርቲን ኣለው (ከምን በዓል ገማልያ)ንቲ ህዝቢ ኻብ መፅሐፍ ቅዱስ ዘምህሩ

**ቋንቋ** - ሂብሩ፣እብራይስጥ(ናይ ኣይሁድ ቋንቋ እዩ)ግርኽ ዓለም ዘጠቓለለ ቋንቋ)ላቲን (ናይ ሮማዊያን ቋንቋ)





እዚ ኩሉ ሰብ እንታይ ኮይኑ እዩ ኣብ ሩባ ተኣኪቡ ዘሎ?



መንግስቲ ኣምላኽ ቐሪባ
ኣላሞ ዓርስኩም ኣዳልዉ


ሓድሽ ህይወት ንምጅማር
እቲ ምሳር ናይ ፍርዲ ኣምላኽ ናብቲ ጉንዲ ኦም ተናቢሩ ኣሎ
እምብአርከስ ፅቡቕ ፍረ ዘየፍሪ ዝበለ ኩሉ ኦም ይቑረፅ ናብ ሓዊ ድማ ይድርበይ
ኩላትና ካብዚ ተቖሪፁ ዝድርበይ ንከውን ንኽእል ኢና። መን'ሎ ፅቡቕ ናብራ ምንባር ዝኽእል?
ብርግጽ ኩላትና ካብ ፍርዲ ኣምላኽ ምሕባእ ኣይንኽእልን ኢና። ግናኸ ኩለንትናኹም ዝልውጥ ብድሕረይ ዝመፅእ ኣሎ ።
ብርግፅ ህይወትኩም ንኽቕየር ተደሊኹም? ሓጢአትኩም ተናዘዙሞ ኣብቲ ማይ ሩባ ተጠመቑ
ሕጂ ካብ ሓጥያትኩም ፀሪኩም ኢኩም። ሓዲሽ ህይወት ምንባር ጀሚሩ።


ኩሎም ሰባት ነቲ ሰባኺ ኣብቲ ሩባ፡ ዮሃንስ መጥምቕ እናበሉ ይፅውዕዎ ነበሩ።
ኣነ ኣይጠቕመኩምን እየ። ኣነ መንገዱ ከቕንዕ ዝተለኣኹ እየ። ካባይ ንድሓር ዝመፅእ ንሱ ብመንፈስ ቅዱስን ብሓውን ከጥምቐኩም እዩ ሽዑ ፍፁም ኽትቕየሩ ኢኩም።
ካብኡ
ኣነ ብኣካ ምጥማቕ የድልየኒ
ስቕ ኢልኻ ኣጥምቐኒ ፍቃድ ኣምላኽ ንግበር
ኣቦ መንግስትኻ ትምፃእ ፍቃድኻውን ትፈፀም
ብድሕርኡ ካብ ሰማይ ድምፂ ተሰሚዐ
ብአኻ ዝሰመርኩ ፍትዊ ወደይ ንስኻ ኢኻ


መጥምቑ ዮውሃንስ ንእስራኤል ንምምፃእ ክርስቶስ ዘዳለዎም ቅድሚ ክልተ ሺሕ ዓመት እዩ። ሽው እስራኤል ንእሽቶ ግዝኣት መንግስቲ ሮማ ኢያ ነይራ።
እስራኤል
ጌንሳሬጥ
ናዝሬት
ቃና
ገሊላ
ዮርዳኖስ
የሩሳሌም
ይሁዳ
ኣብ እስራኤል ዝነበሩ ኣይሁዳዊያን ዝተጨቖኑን ሓገዝ ዘይረኽቡን እዮም ነይሮም። ስለዚ ድማ ክርስቶስ ዝመፀሉ ጊዜ ይናፍቑ ነይሮም። እቲ ኣብ መጻሕፍቲ ብሉይ ኪዳን ዝተፀሓፈ ናይ ኣምላኽ ትኽክለኛ ፍርዲ ዘምፅኣሎም መድሓኒ እዩ።
ኣብቲ ሩባ ዮርዳኖስ ዮሃንስ መጥምቕ ብኢዱ ናጠቆመ
ርአዩ ..ናይ ዓለም ሓጥይኣትኩም ኩሉ ዘፅሪ በጊዕ እግዚኣብሄር
ድሕሪ ጥምቀቱ ብመንፈስ ኣምላኽ እናተመርሐ ናብ በረኻ ኸደ
ኢየሱስ ኣብ በረኻ ኣርብዓ መዓልቲን ለይትን ከይበልዐ ከይሰተዩ እና ፆመ እናፀለየን ፀንሐ፥ እንታይ ምግባር ከምዘለዎ ንምርኣይ
ኢየሱስ ሓሳብ ኣቡኡ ንዓለም ግልፂ ንምግባርን ንምብራህን
ሰይጣን እቲ ተቃዋሚ ገዛኢ'ዛ ዓለም ፀልማት ምብዝባዝን ንኢየሱስ ክፍትኖ ወሰዶ።
እወ ኣቦይ ዝሓተትኻኒ ንምግባር ፍቓደኛ እየ


ሰይጣን ናቱ ተቓዋሚ ንየሱስ ንምስንኻል ዘሰደምም ሓሳብ ንምቕራብ ሞኪሩ
ወዲ ኣመላኽ እንተኾይንኻስ እዚ ኣእማን እንጀራ ክኸውን በል በሎ
ኢየሱስ ግና ሰብ ካብ ኣፍ ኣምላኽ ብዝወፅእ ቓል እምበር ብንጀራ ጥራይ ኣይነብርን ተባሂሉ ተፃሒፉ ኣቶ በሎ
ናይ እማን ወዲ እግዚአብሄር ምኳንኻ ኣረጋግፅ መላእኽቲ ኸይትዕንቐፍ ብኣእዳዎም ከልዕሉኻ እዮም’ም ተቢሂሉ ተፅሒፉ ኣሎ’ም ካብቲ መቕደስ ንታሕቲ ገፅኻ ፅደፍ
ንእግዚአብሄር ኣምላኽኻ ኣይትፈታተኖ ድማ ተባሂሉ ተፃሒፉ ኣሎ
ፍግም ኢልካ እንተ ሰጊድኻለይ እዚ ኹሉ ኣብ ምድሪ ዘሎ ስልጣን ክህበካ እየ
ሽዑ ኢየሱስ ንእግዚአብሄር ኣምላኽኻ ስገድ ንዕኡ በይኑ ድማ ተገዛእ ጵሑፍ ኣሎ እሞ ኪድ ርሐቕ ሰይጣን በሎ
ሸይጣን ድማ ንኢየሱስ በይኑ ገዲፍዎ ኸይዱ መላእኽቲ ድማ ከገልግልዎ መጺኦም
ኢየሱስ መንፈስ ቅዱስ ተሞሊኡ ናብ ዝዓበየላን ብሰሜን እስራኤል ብዙሕ ህዝቢ ናብ ዝነብረላን ክልል ገሊላ ተመሊሱ። ንእሽተይ ምስተጉዐዘ ርኪቦምዎ ንሳቶም እቲ ብመጻሕፍቲ ዝተጸሐፈ መድሕን ነብይን ምኻኑ ፈሊጦም ተሓጊሶም ሰዓብዎ . . .



ኣብ ቃና ናይ ገሊላ መርዓ ኾነ
ኢየሱስን ኣዲኡን ከምኡውን ደቂ መዛሙርቱ ኣብቲ መርዓ ነይሮም


ዳርጋ ፍርቒ ስነ ስርዓት ቐሪዎም ነይሩ
እንታይ ፀገም ኣሎ ወይኒ ተወዲኡ
ንሱ ዝብለኩም ግበሩ
እቲ ዓበይ ኣጋንእ ማይ ሙልኡዎ ቀዲሕኹም ናቦ ዳስ ኣጥዕሙዎ
?
ማይ ዶ ኣነበረን? ግና እዚ ወይኒ እዩ እሞ ከመይ ዝበለ ጥዑም ወይኒ እዩ?
ምስጠዓሞ! እቲ ጽቡቕ ወይኒ ኽሳእ መወዳእታ ኣቕምጥኻ
ተሰሚዑ ዘይፍለጥ ቅድሚ ሕዚ ከምዚ ዓይነት መርዓ ከይደ ኣይፈልጥን ማይ ናብ ጡዑም ወይኒ ዝተቐየረሉ
ናይ ናዝሬታዊ ኢየሱስ ስራሕ እዩ።
መን እዩ?


ኣብ ጥቓ ናይ ባሕሪ ገሊላ ትርኽብ ዓሳ ዘጽምዱላ መንደር ጌንሳሬጥ ትብሃል ኢየሱስ ብግልጺ ኣብ ቅድሚ ኩሉ ስለ መንግስቲ እግዚአብሄር ምዝራብ ጀሚሩ
ኣብዚ ቦታ ናይ መጀመርታ ተኸታሊኡ መሪጹ
ንጴጥሮስ ኣብ ጥልቊ ባሕሪ መርበብኻ ድርብዮ
ጎይታይ ለይቲ በሙልእታ ክንጽዒር ሓዲርና ግና ምንም ኣይሓዝናን
ብቓልካ ግና ነዚ መርበብ እንድርብዮ
እንታይ? እዚ ኩሉ ኣነ አይኣምንንን?


ያእቆብ!! ዮሃንስ!! ናብዚ ኑው እዚ ኣብ ዕድመና ምሉእ ዘገርም ዕድል ኢዩ
ኀይታይ ሕደገኒ ብሓጢያት ዝተሞላእኹ እዬ
ኣይትፍራሕ ጴጥሮስ
ንዓ ሰዓበኒ ገፋፊ ሰብ ኽገብረካ
ሰዓበኒ



ኢየሱስ ድማ ኣብ ኹሉ መንደራት ገሊላ ምስ ደቐ መዛሙርቱ እናተጓዓዘ ንኹሉ ሰብ ስለ እግዚአብሄር መንግስቲ ሰቢኹ ዝተፈላለዪ ሕማምም አጋንንቲ ዝሓደሮም ፈዊሱ ብዙሓት ሰባት ድማ እናተደነቑ ተኸቲሎሞ ካብ ዋና ኸተማ የሩሳሌምን ኻልኦት ወረዳታት ዝመጽኡ ውን ነይሮም ብዝዛረቦ ኹሉ ቓል ይግረሙን ነይሮም
ድኻታት ቡርኻት እዮም መንግስቲ እግዚአብሄር ናኣታቶም እያሞ
ዝተጠመዩ ብፁዓን እዮም ምኽንያቱም ክጸግቡ እዮም
ዝበኽዩ ብፁዓን እዮም ምኽንያቱም ኽሕጎሱ እዮም
ብሰንኪ ኣነ ሰባት ብሕማቕ መንገዲ እንተሓሲቦምኹም .ንስኹም ብጹዓን ኢኹም ድማ ደስ ይበልኹም ተሓጎሱ ምክንያቱም ሽልማትኹም ብመንግስተ ሰማያት ዓብይ እዩ


ሰብ ኽገብረልኻ ትደልዮ ነገር ንስኻ ውን ኸምኡ ግበር
ፀላኢኻ ፍተው ድማ ጸልዮሎም
ጽቡቅ ነገርስ ብምስጢር ግበር ናይ ሰብ ትኹረት ኣይትስሕብን
ንሓንቲ ሰበይቲ ብርሕቐት ሪኡ ዝተመነየ ብልቡ ምስኣ ኣመንዚሩ
ዓይኒ ናይ ሰብነትና ብርሃን ኢያ ዓይንኹም ጥዑይ ተኾይኑ ኹሉ ሰብነትና ብርሃን ይኸውን ግን ድማ ዓይንና እንተ ተጋሪዱ ኹሉ ነገርና ይጽልምት
ሓደ ሰብ ንኽልተ ጎይታት ኽግዛእ ኣይኽእልን ንእግዚኣብሄር ወይ ድማ ንገንዘብ
ብዛዕባ ጽባሕ ኣይትጨነቑ መጀመርታ ስለ መንግስቲ ኣምላኽ ተጨነቑ እቲ ኻሊእ ድሕሪኡ ዝመፅእ እዩ
ንቓለይ እትእዘዙ እንተኾይንኹም ገዛኩም ኣብ ኽውሒ ዝሰርሐ ሰብ ትመስሉ እንተድኣ ዘይተኸተልኹም ገዝኡ ኣብ ሓሸዋ ዝሰርሐ ሰብ ትመስሉ።


ሐደ መዓልቲ ኢየሱስ ኣብ ገዛ ከሎ ሰባት ብጣዕሚ ተጨናኒቖም ነይሮም
ናብ ውሽጢ ንምእታው ብፍጹም ኣይንኽእልን ኢና
ናብ ናሕሲ እታ ዓራት ሒዞም ደይቦ'ሞ
እቶም ሰባት እንታይ ኢዩ ኣብላዕሊ ዝግበር ዘሎ ? በሉ
እቶም መሓዝቱ ዓብይ እምነት ኣለዎም
ሐጥኣትኻ ተገዲፉልኻ
ሰሚዕኩሞዶ ከመይ ከምዚ ንምባል ኺኢሉ?
ብኣምላኽ ይቕልድ'ሎ
ኣምላኽ ጥራይ እዩ ናይ ሰብ ሓጢኣት ኽፅሪ ዝኽእል
ኣይናይ ይቐልል ነዚ መፃጉዕ ሓጢኣትካ ተሓዲጉልኻ ምባል ወይስ ተስኢ?
መድሓኒ ስልጣን ኣለዎ ሓጢያቱ ንምስራይ ግን ኣነ እብለካ ኣለኹ ዓራትኻ ሒዝኻ ኪድ እብለኻ ኣለኹ


ዘይእመን!!
እወ ምኻድ ኽኢለ!
ይኽይድ ኣሎ!!
ኢየሱስ ብዝገበሮ ኹሉ ሰብ ግን ሕጉስ ኣይነበረን የሱስ ብዝገበሮ ብፍላይ ድማ መራሕቲ ሃይማኖት ብ ሰንበት ኣብ ሃገረ እስራኤል ምንም ዓይነት ስራሕ ምስራሕ ዝተኸልኸለ እዩ። የሱስ ግን ሕጊ ሰንበት ይጥሕስ ኣሎ ኢሎም ኸሲሶዎ።
እዚ ሰብ ኢዱ ዝተሸማቐቐ ኢዩ ብዚ መዓልቲ ጡዑይ ምግባር ዶ አይካአልን?
ኢድኻ ዘርግሓያ!!
እዋይ!! ተፈዊሰ!!
ንዚሰብ እዚስ ክኸይድ ንግበሮ
ን የኢየሩሳሌም መራሕቲ ድማ እዚ ሰብ ንቲ ህዝቢ ካብ ስርዓት እናውፀአ ከምዘሎ ምንጋር ኣለና



ኢየሱስን ደቂ መዛሙርቱን ኣብ ገሊላ ባሕሪ ብ ጀልባ ተሳፊሮም
ጎይታና ርደአና !!ንሰምጥ ኣለና
ንምንታይ ትፈርሑ? እምነትኹም ናበይ ኸይዱ?





ሱኽ በል!!
እሽ በል!!
ንጀልባኦም ኣብ ባሕሪ ወሰን ኣሲሮምዋ ግና ትሕቲ ጎቦ ነይሮም
ጩህት


ኣብቲ ጥቓ ጎቦ ጋኔን ዝሰፈረሉ
ሰብ ዝነብር ኣሎ
የፍርሕ!
ይመፅእ
ኣሎ። ንሱ!
መፃእኻኒ
ኢየሱስ
ኣንታ ጋኔን
ልቐቐ!!
ወዲ ሓያል
ኣምላኽ እንታይ
ኽገብረልኻ ኢኻ
ትደሊ?
መኒዩ ሽምኻ?
ብጣዕሚ ቡዙሓት ኢና
ናብዞም
ሓሳማታት
እንኺድ?
ኺዱ!!


?
ሕጂ ሙሉእ ብሙሉእ ድሒነ ኣለኹ
ኺድ!!
ግደፊና!!
ምሳኻዶ ክመፅእ?
ኣይ ኣብዚ ፅናሕ ኣምላኽኻ ታይ ከምዝገበረልኻ ንኹሉ ሰብ ተዛረብ


ይብለኩም አለኹ ወዲ ሰብ በይኑ ምንም ክገብር ኣይኽእልን ኣቦኡ ክገብሮ ዝርአዮ ጥራሕ እዩ ክገብር። ናይ ባዕለይ ፍቓድ ኽገብር ኣይሞኽርን ናይ አቦይ ፍቓድ እምበር ንሱ እዩ ዝልኣኸኒ
ኢየሱስ ኩልጊዜ ፅጥ ናብ ዘበለ ቦታ ንምጽላይ ይኸይድ
ድሕሪ ናይ ለይቲ ፀሎቱ ኢየሱስ ዓሰርተ ክልተ ደቐ መዛሙሪቲ መረጾም። ኽልተ ኽልተ ገይሩ ድማ ናብ ዓዲታት ሰደዶም። ብሕማምን ብአጋንንትን ስልጣን ድማ ሃቦም።
ሓው ጴጥሮስ እንድርስያስ ምስ ጴጥሮስ
ያእቆብ ምስ ዮውሃንስ
ፊልጶስን ናትናኤልን



ቶማስን ማቲዎስን (ብዝሓለፈ ግብሪ ኣኻቢ ዝነበረ)
ታዴዮስን እቲ ኻልኣይ ያዕቆብን
ተቓዋማይ ዝነበረን ስምኦንን ናይ አስቆሮቱ ይሁዳን
ኺዱ ንዓኹም ዝተቐበለ ንዓይ ዝተቐበለ እዩ ንዓይ ዝተቐበለ ኸዓ ንዝለኣኸኒ ዝተቐበለ እዩ
ኣቶም ዝተለኣኹ ደቂ መዛሙርቲ ብዝተወሃቦም ተልእኾ ተሓጒሶም ካብኡ ንድሓር ኢየሱስ ምስ ደቂ መዛሙርቱ ናብ ፀጥ ዝበለ ቦታ ሓቢርዎም ምኻድ ድሊዩ ግን ድማ እቲ ህዝቢ በይኑ ክገድፍዎ ኣይደለዩን።
እቲ ኣዝመራኡ ዓብይ እዩ እቶም ሰራሕተኛታት ንእሽተይ እዮም ናብ ጎይታ ጸልዩ ንሱ ኣዝመራኡ ዝእኽቡ ሰራሕተኛታት ክልእኽ እዩ


ኢየሱስ ደጊሙ እናትናገርን እናፈወሰን ኣምሸዩ
ፊሊጶስ እዚ ኹሉ ሰብ ኸመይ እዩ ምግቢ ዝርኽብ? ንምንታይ ዝኾነ ነገር ዘይትህቦም?
ክልተ ሚእቲ ድናር እዩ ጥረሕ እዩ ዘሎና። ኣብ ቐረባ ንዚ ዝኣክል ኣይረኽብናን፡ ልመን ክኣኽል እዩ
ዝኾነ ወዲ ኣሎ ሓሙሽተ ሓምባሻ ኽልተ ኣናእሽተይ ዓሳታት ዝሓዘ እዚ ጥራሕ እዩ ዘለና
ንቶም ሰባት ሓምሳ ሓምሳ ገይሩኹም ቦዲንኩም ኣቕምጥዎም
ኢየሱስ ናብ ኣምላክ ኣመሰገነ
ትሓምባሻን ኣሳን ቖ̈ረሶ



እቶም ህዝቢ ኢየሱስ ብዘብዝሖ ምግቢ ኣሽሓት ተመጊቦም
ንዕኡ ንጉስ ምግባር እንሄና
መድሕን ምኳን ኣለዎ ናብዚ ዝመፅእ
ርኣይዎ ዓሰርተ ኽልተ ሞሰብ ዝተረፈ
ሐዚ እቲ ህዝቢ ናብ ገዘኡ ዝኸደሉ እዋን እዩ ንቲ ጀልባ ውሰዱሞ ናብቲ ኻሊእ ኣቕጣጫ ተጓዓዙ ኣነ ንበይነይ ኣብቲ ጎቦ ንምፅላይ ክፀንሕ እዩ



ደሓር
ኣይትፍርሑ ኣነ እዬ
እዋይ !! መንፈስ እዩ!!
ጎይታ ንስኻስ ተኾይንካ ኣብቲ ማይዶ ክመፅእ?
ንዓ!! ጴጥሮስ
ጎይታይ ኣድሕነኒ
ንምንታይ ትጠራጠር ጴጥሮስ!!


ኢየሱስ ንጉስ ምኻኑ ምእዋጅ ዝደልዩ ሰባት ኣለው ናይ ሮማውያንን ምምሕዳር ዓርሶም ብምብራር ይሕጎሱ ብኢየሱስ ድማ ዝቓወምዎ በርቶኺም ከየቋረፁ እናተቓወሙ ኢዮም
እቲ ህዝቢም ንክቓወሞን ንኽባርሮን እዮም ዝደልዩ
መምህር መዓዝ መፂእኻ?
ሕምባሻ ስለዝዋብኹም ዲኹም ትደልዩኒ ዘለኩም?
ስለ ዝጠፍእ ብልዒ ኣይትጨነቑ ግና ስለ ዘልኣለም ህይወት ዝኮነኩም ተጨነቑ
ኣነ ናይ ህይወት እንጀራ እየ። እዚ ሰብነተይ ንዓለም ህይወት ዝወሃብ እዩ
ዋይ ኸመይ እዩ እዚ ሰብነቱ ብልዒ ገይሩ ዝህበና?
ኣይተቅምን!
ንዑ ንኺድ!!
ንኹሉ ሰብ ይሸንግላሎ
ንስኻትኩምኸ ምኻድ ኣይትደልዩን?
ጎይታና ናመን ንኸይድ? ንስኻ ናይ ዘልኣለም ህይወት ቃል ኣሎኻ


ኣብ ኢየሱስ ምስ ዝበዝሖ ተቓውሞ ንገሊላ ገዲፉ ናብ ኻልኦት ናይ እስራኤል ስፍራታት ምስ ኣወዳትን ኣንላትን ተኸተልቲኡ ብሓባር ኸይዱ።
ገሊላ
የሩሳሌም
እስራኤል
ናብ የሩሳሌም ንውሰዶ
ሰባት መን ዝብሉኒ ይመስለኩም?
ነብዩ ይብሉኻ
ኣብ ጉዕዞኦም
ንስኻትኩምኸ ?
መን ይመስለኩም?
መድሓኒትና ወዲ እግዚኣብሄር
ንሓደ እንኳን ሰብ ኣይትዛረቡ መድሕን ናብ የሩሳሌም ክኸይድ እዩ ንምስቓይን ንሙማትን ግና ብሳልሳይ መዓልቲ ኻብ መቓብር ይልዓል እዩ።


ኻብ ኸተማ የሩሳሌም ወፃኢ ሰባት በአሰቓቒ መንገዲ ይስቐሉ ይሞቱ እዚ ድማ ናይ ሮማዊያን ናይ ሞት ፍርዲ መቕፃዕቲ እዩ።
ዝኾነ ሰብ ናተይ ተኸታሊ ምኻን ተደልዩ መስቐሉ ፀይሩ ዓርሱ ኪሒዱ ይሰዓበኒ
ዋላ ሓደ ሰብ ናይ ባዕሉ ህይወት ይስእና ግና ህይወቱ ንዓይ ተስኢንዋ መሊሱ ይረኽባ
ሓደ ኣምላኽ ጥራሕ ኽምዘሎ ኽትፈልጦ ይግባእ
እቲ ዋና ነገር ንእግዚአብሄር ብሙሉእ ልብኹም ፍተይዎ ንባዕልኹም ከምትፈትዩ ድማ ንኻልኦት ፍተው።


ኣብ እስራኤል  መንደር ውሽጢ ናይ ሕማም ቁርበት ዝሓመሙ ለምፃማት ይነብሩ ነይሮም። ንሳቶም ውን ምስ ጡዑያት ሰባት ዋላሓንቲ ርኽብ የብሎምን
እቶም ሕሙማት ናብ ጥዑያት ይኸዱ ተለው
ለምፃም !!
ለምፃም
ጎይታ የሱስ ሕዘነልና



ኺዱ ዓርስኩም ንካህን ኣርእዩ
ናብ ካህን ኪዱ? ንከምህሩና ድዩ?
ድሕሪ ምፍዋስና ድዩ?
?
!
ርኣየኒ ተፈዊሰ!!
ተፈዊስና!!
እወ!!
ሃሌሉያ! ኣምላኽ ጽቡቕ እዩ የቐንዬለይ
ዓሰርተኹም ዶ ኣይተፈወስኹምን ኻልኦቶም ናበይ ኸይዶም? እግዚኣብሄርንን ንምምስጋን ኣይመጽኡን?
ተልዓል እምነትኻስ ምፍዋስ ጥራይ ኸይኾነስ ኣድሒኑኻ ኣሎ



ንኢየሱስ ኣብ ጉዕዞ እናሃለወ ንኽስልሉ መራሕቲ ኣይሁድ ኣብ የሩሳሌም ውሽጢ ሰራሕተኛታቶም ልኢኾም ሙሉእ ብሙሉእ እንቕስቓሴኡ ተቓዊሞሞ
ንኢየሱስ ውዕሎኡ ምስ ኣመንዝራታትን ግብሪ ኣካቢን እዩ ከምኡስ ዘገብር ካብ ሮማዊ መናሎ
መድሒኑ መዊኡ ምርኣይ ኣለዎ ንዞም ዝጠፍኡ ምእንታን ኽድሕኖም
ምኽንያቱም የሱስ ብሰንበት ስለዝፈወሰ
ተፈዊሰ!
እቶም ቖልዑ ናቱ ፍሉይ ትኹረት ኣለዎም
ቖልዑት ናባይ ይምጽኡ መንግስቲ እግዚኣብሄር ንኽማቶም ዝበሉ እያሞ


ኢየሱስ ናብ ቢታንያ ተጸዊዑ ቢታንያ ኻብ የሩሳሌም ዘይትርሕቕ መንደር እያ ኣልኣዛር ተሓሚሙ ኣልኣኣዛርን ክልተ ኣሕፋቱ ማርታን ማርያምን ናይ የሱስ ተፎተይቲ ኣዕርኽቱ እዮም። ኢየሱስ ኣብ ቢታንያ ምስ በፅሐ ኣልኣዛር ቕድሚ ኣርባዕተ መዓልቲ ምቕባሩ ሰሚዑ
ጎይታ!!
ጎይታይ ንስኻ ኣብዚ እንተደኣ ነይርካ ሓወይ ኣይመውትን ነይሩ
ማርታ ሓውኺ ኽትስእ እዩ
እወ ይፈልጥ ኣብ መወዳእታ ዓለም ትንሳኤ ኽትስእ እዩ
ትንሳኤን ህይወትን ኣነ እየ እቲ ብኣይ ዝኣመነስ ኽነብር እዩ። ብአይዶ ትአምኒ ማርታ?
እወ ጎይታይ ንስኻ ንዓለም ንምድሓን ዝመጽእ ዘለዎ ወዲ እግዚአብሄር ምኳንኻ ይኣምን።
ኣበይ ኢኹም ቐቢርኹምዎ?
ንዓሞ ርኣይ ጎይታይ


ርእዩ ብጣዕሚ እዩ ዝፈትዮ
ግና ቐዲሙዶ ኣልኣዘር ከይመውት ምግባር ኣይኽእልንዶ ነይሩ
እቲ ዝሞተ ብኽዳን ተሸፊኑ ብኸውሒ ብዝትሰርሐ መቓብር ውሽጢ ተቐሚጡ ኣሎ
እቲ እምኒ ኣልዕልዎ
ጎይታይ ኽጨንው እዩ ኣርባዕተ መዓልቲ ኾይንዎ እዩ
ክብሪ ኣምላኽ ትርኡ ኢኹም
ኣቦይ ንዚ ዝብለኻ ዘለኹ እዞም ጠጠው ዝበሉ ሰባት ንስኻ ከምዘለኣኻኒ ምእንታን ኽኣምኑ እዩ
ኣልኣዛር ንዓ ውጻእ!!
መገነዚኡ ፍትሕዎሞ ይኺድ



መራሕቲ የሩሳሌም ብዛዕባ ኢየሱስን ትኽተሊቲኡም አጨኒቄዎም
እቲ ሰብ ብጣዕሚ ቡዙሕ ተኣምራት እናገበረ እዩ
ንዚ ክቕፅል እንተገይርናዮ ሮማዊያን ስጉምቲ ኽወስዱ እዮም
ቤተ መቕደስናን ህዝናን እዮም ዘጥፍእዎ
ስልጣንኻ ተጠቐም ሙሉእ ዓዲ ኻብ ዝጠፍእ ሓደ ሰብ ንህዝቢ ተሞተ ይሐይሽ
ኑው እዩ ኢየሱስ ምሟት ዘለዎ
ካብ ሾው ጀሚሩ ናይ ይሁዳ ነባራት ንየሱስ ሒዞም ንሮማዊያን ንምሃብ ኣጋጣሚ ይደልዩ ነይሮም። እቶም ሮማዊያን ጥራሕ እዮም ሞት ፍርዲ ምውሳን ዝክእሉ ዝነበሩ።


ኢየሱስ ብቢታንያ ውሽጢ እናሃለወ
ማርያም
እቲ ሽቱ ኽቡር እዩ ዋግኡ
እቲ ቕርሺ ንድኻታት ምሃብናዮም ምሓሸ ነይሩ
ንሳ ሕደጉዋ ኣኻላተይ ንመቓብር እናዳለወቶ እያ



ኣብ ቐረባ እዋን ብዓል ፋሲጋ ኽድገስ እዩ እቲ ህዝቡስ ተጨናኒቑ ናብ የሩሳሌም ይጉዓዛ'ሎ


ብየሩሳሌም ድማ መራሕቲ ሃይማኖት ንኢየሱስ ንምሓዝ ትልሚ የውጽኢ ኣለዉ፡ ንሱ ግና ናይባዕሉ መንገዲ የዳልው ነይሩ



ህዝቡ ብሓጎስ እንኻዕ ደሓን መጻእኻ ኢሎም ተቐቢሎምዎ
ኣፍጥንዎ!
ኣፍጥንዎ!
ብሽም እግዚኣብሄር ንዝመጸእ ነዊሕ ዕድመ ይኹን
ናይ እስራኤንል ንጉስ
ኣቲ የሩሳሌም ሎሚ ንሰላምኪ ዝኮኾነ ምፈለጥኺ ግን ድማ ኣይደለኽን።
ኸምዚስ ዝበለ ኣይንረክብን
ዓለም ብሙሉኡ ንዑዑ ይኸተሎሎ


እቲ ቤተ መቕደስ ኣብ ዋና ኸተማ ዘሎ ናይ ኣምልኾ ማእኸላዊ ስፍራ እዩ
ንፋሲካ ብዓል ዝኸውን ኣባጊዕ ተሓሪዶም
ኣብ ቤተ መቕደስ እዮም መስዋእቲ ም኿ን ዘለዎም እቶም ኣብጊዕ ምስ ኣምላኽና ምእንቲ ከተዐርቑና
ግን እቲ በጊዕ ዝስወኣልና ኻብ ሓጢያት ዝፀረየ ምኳን ኣለዎ
ኣብ ኸባቢ ቤተ መቕደስ ሰባት ሰልዲ እናተለዋወጡን እናገዝኡን እናሸጡን ተጨናኒቆም ኣለው
ኢየሱስ ውን ኣብኡ ነይሩ



ናይ እግዚአብሄር ቤት መፀለይ እዩ ንስኻትኹም ናይ መሕደሪ እንስሳን መወዓሊ ቀጠፈቲ ጌይርኹሞ
ብጣእሚ ሓደገኛ ስብኣይ እዩ ሰባት ብቓሉ ይግረምለዉ
ብቐረባ ምብራር እኔኤና


እንተ ኣታሊልናዮ ንሕዞ ንኽእል ኢና ኻብኡ ድማ ንቐትሎ
ግና ሰብ ኸይሸገር ብብዓል ኣይኹን
ኽንደይ ትህቡኒ ንዕኡ?
ካብ ደቂ መዛሙርቱ ሓደ ዝኾነ ይህዳ እዩ
ንኢየሱስ ኸትሕዘልኩም እዬ!!
ሰላሳ ቕርሺ ኽንህበኻ ኢና ንኢየሱስ ናይ ባርያ ዋጋ እዩ


ኢየሱስ ድማ ብዓል ፋሲጋ መዓልቱ ምስ ሰባት እናተዘራረበ ኣሕሊፉ።እቶም መራሕቲ ድማ ብዘይ ምቑራፅ ንዕኡ ኣፀጋሚ ኹነታት ንምፍጣር ሞኪሮም
ሹዑ ኣጋምሸት ኢየሱስን ኣሰርተ ክሊቴኦም ደቐ መዛሙርቱ ድራር ንምብላዕ ተራኺቦም
ሎሚ ምሸት ኽገብሮ እየ


ቅድሚ ስቓዩይ ምሳኹም ንምብላዕ ፋሲጋ ክገብር ይደሊ.ይ ነይረ
ኣብ ስልጣነ ዘለው ሰባት ኻልኦት ከገልግልዎም ይገብሩ ንስኻትኹም ዝትገብርዎ ግን ብተፃራሪ ምኻን ኣለዎ
እቲ ናይኹሉ ኣገልጋሊ መራሒኹም ክኸውን እዩ
ኣነ ብማእኸልኹም እዩ ኸም ኣገልጋሊ


ጎይታይ እግረይ ኽም ባሪያ ትሓፅበኒ ድዩ? ኣይኽውንን!! ብፍፁም!!
ጴጥሮስ እንተደኣ ደይሓፂበካ ንዓይ ኣይትኽውንን
ጎይታዬ እርእሰይን ኣእዳወይን ሕጸበኒ ከምፍቓድኻ
ሰብነቱ ዝተሓጸበ ሰብ እግሩ ጥራይ እዩ ምሕፃብ ዝድልዮ
ጎይታን መምህርን ኢሊኹም ፀዊዕኹምኒ ልኽዕ ኢኹም። ንዓታትኹም እግርኩም ከምዝሓፀብኹኩም ኣነ ኽምዝገበርኽዎ ሓዴኹም ንሓዴኹም ኣገልጊሉ
ካባኹም ኻብ ማእኸልኹም ሓደ ሰብ ኣሕሊፉ ካህበኒ እዩ
ብፍፁም!
ኣነ ኣይኾንኹን ሓቐይ?
ይሁዳ ዝትገብሮ ቐልጢፍኻ ግበር



እዚ ንዓይ ንመዝካርታይ ግበርዎ
እዚ ሕብስቲ ብልው ስጋይ እዩ
እዚ ጵዋዕ ስተዩ ስለናት'ኻት'ኹም ዝፈስስ ደመይ እዩ።ብዚ መንገዲ እግዚኣብሄር ምሳኻትኩም ሓድሽ ቓል ኪዳን ገይሩ
ሓዲሽ ትእዛዝ ኽህበኩም እዩ ኣነ ኽምዝፈተውኹኹም ንንባዕልኹም ተፋተዉ
እዚ ፍቕሪ ኣብ ማእኸልኩም እንተሃልዩ ደቐ መዛሙርተይ ምኻንኩም ኹሉ ሰብ ይፈልጥ
ጎይታይ ኣብ ኹሉ ቦታ ክስዕበካ ኢየ ህይወይ ንዓኻ ክህበካ ኢየ
ጴጥሮስ ደርሖ ከይነቆየ ሰለስተሻዕ ክትኽሕደኒ ኢኻ


ምስመሸዩ ኢየሱስን ተኸተልቱ ኸተማኡ ለቒቖም ወፂኦም። ይሁዳ ግን ምስኣታቶም ኣይነበረን
ኣነ ገዲፈኹም ክኸይድ እየ ኣቦይ ግን መንፈስ ቅዱስ ክልከልኹም ኢዩ። ንሱ ውን ክሕግዘኩም እዩ ኹልሻዕ ምሳኹም ውን ክኸውን እዩ።
ኣነ ዝኸደሉ መንገዲ ትፈልጥዎ ኢኹም
ኣነ መንገዲን ሓቅን ህይወትን እየ ብዘይ ብኣይ ሓደ እኳ ናብ ኣቦይ ክመፅእ ኣይኽእልን
ንስኻትኹም ኣብዚ ተፀበዩ ኣነ ንእሽተይ ርሒቐ ክፅሉይ
ኣቦይ ተተኽኢሉ እዛ ስቓይ ካባይ ትሕለፍ
እንተኸይኑ ውን ናትኻ ፍቓድ እምበር ናተይ ፍቓድ ኣይኹን



ኽመይ ኢልኩም ብዚ ሰዓት ትድቕሱ ተስኡ
ንዓይ ኣሕሊፉ ዝህበኒ ቐረባ እዩ ዘሎ
ነቲ ዝስዕሞ ሓዝዎ
ኽመይ ኣለኻ መምህር
ይሁዳ ንመምህርኻ ኣሕሊፍካ ዝትህቦ ብምስዓም ድዩ?
ጎይታና ንዋገኦምዶ?
ግደፉ!!
ኢየሱስ ንዓይ ውሰዱኒ ንዖዖም ግዳፍዎሞ ተኸተልቱ ውን ብዝተፈላለየ መንገዲ ሃዲሞም


ኢየሱስ ናብቲ ናይ ኣይሁዳዊያን ሃይማኖት መራሒ ካህን ተወሰደ
ጴጥሮስን ዮውሃንስን ብርሕቐት ይስዕብዎ ነይሮም ጴጥሮስ ድማ ንበይኑ ተኸቲልዎ ኣትዩ
ንስኻ ድማ ምስኡዶ ኣይነበርኻን?
ኣይነበርኹን ብፍጽም እቲ ስብኣይ ኣይፈልጦን ኢየ
ካባኣቶም ሓደ ኣይኾንካን ዶ?
ኣይነበርኹን!!
ብጣዕሚ እርግፀኛ እዩ ንስኻ ገሊላዊ ኢኻ
ብዛዕባ እንታይ ከምዝትዛረቡ ኣይፈልጥን። ካብኡ ደርሆ ነቒወ


ኩኩሉ•••
ድሕሪኡ
እስኪ ንዓና ተንብየልና
መንዩ ዝወቕዐካ?
አጋ ንጉሆ ናብ ይሁዳውያን መራሒ ተወሲዱ
ንስኻ ወዲ
አምላኽ ዲኻ?
ንስኻ
ከምዝበልኻዮ
እዩ
ንእግዚአብሄር ኽብሪ ዘይብሉ ምሟት
እዩ ዘለዎ ሮማውያን ይፈትንዎ


ኢየሱስ ናብ ሮማዊ ኣማሓዳሪ ዝኾነ ጲላጦስ ኣምፂኦምዎ መራሕቲ ኣይሁድ እናተቓወሙዎ ኢዩም
እንታይ ትብል ንዞም ኹሉ ተቓወምቲ? ዋላሓንቲ?
እንታይ ኢኻ ገይርኻ?
ንሓቂ ክምስክር እየ መፂአ
እንታይ እዩ ሓቂ?
ዋላ ሓንቲ ጌጋ ኣይረኸብኩሉን ብዓል ፋሲጋ ስለ ዝኾነ ንመን ኽሰደልኩም ን በርባንዶ ወይስ ንይሁዳ ንጉስ?


ንበርባን!!
በርባን!!
በርባን!!
በርባን!!
ግን ንኢየሱስ እንታይ ኽገብሮ ኢኹም ትደልዩ?
ስቕሎ!!
ንጉስ ኢየ እዩ ዝብል
እንተ ሰዲድኻዮስ ምስ ቄሳር ፍቕሪ የብልኻን
ብኡኡ ግደ ንስኻ ሓራ ወፂእኻ ኢኻ ምኻድ ትኽእል ኢኻ
እቲ ቐታሊ ሰብን ብ ፖለቲካ ዓመፀኛን ዝነበረ በርባን ብናፃ ተፈቲሑ
37 38 39
ካብ ደሙ ዝጸረኹ ኢየ
ግሩም ንጉስ አይሁዳውያን እምበር


ርአይዎ እቲ ሰብኣይ
ስቐሎ!!
ስቐሎ!!
ስቐሎ!!
ጲላጦስ ብኣሰቃቒ ሞት ንኽመውት ፈረሙ። ኢየሱስ ናይ መስቀል እንጨይቲ ተሸኪሙ ብመንገዲ የሩሳሌም እናተሳቓየ ከይዱ
እቲ ምቕዓዕቲ ሞት ድማ ካብቲ ኸተማ ወፃኢ ጎልጎታ ዝብሃል ቦታ እዩ
እቶም ወታሓደራት ንኢየሱስ ኣብቲ መስቐል ብምስማር ኣጣቢቖሞ



ድሕሪ ቁርቡ እዋን ይሁዳ ብዝገበሮ ስራሑ ተጣዒሱ
ተጋጊየ ኢየ
ፅሩይ ደም እየ አሕሊፈ ሂበ
ንሕና እሞ እንታይ ኽንገብረካ ንሱ ናይ ባዕልኻ ጥፍኣት እዩ
ኢየሱስ ኣብ ማእኸል ኽልተ ሽፉቱ ተሰቒሉ
ኣቦ ዝገብርዎ ኣይፈልጡንሞ ይቕር በለሎም


ኣቢቲ መስቐል ብሰለስተ ቋንቋ ዝተጸሓፈ ኢየሱስ ናይ ኣይሁድ ንጉስ ዝብል ነይሩ
IESVS NAZARENVS REX IVDAEORVM
ንኢየሱስ መሪር ሓሞት ኣስትዮሞ
እቶም ወታደራት ድማ ንኽዳኑ ዕጫ ተዋዲቖም
ወዲ እግዚኣብሄር ተኾይንኻስ ካብቲ መስቐል ውረድሞ ንዓ
እወ ንኻልኦት ኣድሒኑ ንባዕሉ ዶ ኣያድሐነን ነይሩ?
ንባዕልኻ ኣድሕንሞ ንዓናውን ኣድሕነና
ንእግዚኣብሄር ኽብሪ ይሃልውኻ ንሕናስ ዝግብኣና ኢና ረኺብና ንሱ ግን ዋላሓንቲ ኣይገበረን
ብመንግስትኻ ሓስበኒ
ሎሚ ኣብ ገነት ምሳይ ከምትኽውን የረጋግፀልኻ


ዳርጋ ሽድሽተ ሰዓት ከባቢ ፀሓይ ጸልሚቱ ኩሉ ነገር ፀልማት ኮይኑ
ማርያም ኣዲኡ ንኢየሱስን ተኸታሊኡ ዮውሃንስ ኣብ ጥቓ መስቐሉ ጠጠው ኢሎም ነይሮም
ሕዚ ኣዶን ወዲን ኢኹም
ኣምላኸይ! ኣምላኸይ! ኣምላኸይ! ንምንታይ ገደፍካኒ?
ፀሚኡኒ
ኣቦይ ነፍሰይ ኣብ ኢድኻ ሃብኹካ ተረኽበኒ
ተፈፂሙ!


ድሒሪ ሰዓት ትሽዓንተ ሞይቱ ሓደ ወታደር ድማ ጎኑ ምስወግኦ ማይን ደምን ፈሲስዎ
ከሚዚ ተባሂሉ ብመፅሓፍ ከምዝተፀሓፈ “ከም በጊዕ ናብ መሕረዲኡ ኸይዱ”
”ንዓና ሓጥያት ተወጊኡልና” ግና ሕዚ ሞይቱ አሎ
መምህሩ እሱ ነይሩ ይመፅእ ዶ ወይስ ኣይመፅእን
ንዑ ንሕተቶም ምቕባር ድኣ ተኽኢልና
ናይ ኣርማትያስ ዮሴፍን ኒቆዲሞስን ናይ ኢየሱስ ሬሳ ወሲዶምዎ



ንረሳኡ ድማ ብጨርቂ ጠቕሊሎሞ ዝተወቐረ ኮኽሒ እሞኒ ቦታ መቓብር ቐቢሮሞ
ድሒሪ ንእሽተይ እዋን እተን ኣንስቲ ቕንያት በዓል ናብቲ ስተሓተመ መቓብር ኸይደን
እቲ ዓብይ እምኒ ተንከራሪው ነይሩ
ንምንታይ እዩ በህይወት ንዘሎ ኸምዝሞተ ትደልይዎ? ተንሲኡ እዩ ኽዱሞ ንተኸተልቲኡ ንገርዎም።
እንታይ እዩ ዝኸውን ዘሎ?
ሙልእ ብሙልእ ጥራሑ እዩ


ኣብቲ ኣታኽልቲ ዘለዎ መቓብር
ኣንቲ ሰበይቲ ንምንታይ ትበኽይ? ንመን ኢኺ ትደልዪ?
ንኣይታይዶ ወሲድኻዮ?
ማርያም
መምህር
ኣይትንኽይኒ ንኣሕዋተይ ንገሪዮም ናብ ኣቦይን ኣቦኦምን ናብ ኣምላኸይን ኣምላኾምን ክኸይድ እየ



ሽዕኡ ኽልተ ተኸተልቲኡ ብዛዕባ ኢየሱስ ናይ ቕጽዓት ሞት እናሓዘኑ እናውጎዑ ምኻድ ጀሚሮም
ብነብያት ዶ ኣይትአምኑን? እቲ መምህር ምስቓይ የብሉን? ናብ ኽብሩ ንምእታዉ? ኣብ መፅሓፍ ተፃሒፉ ኣሎ!!
ድሕሪ ድራር እቲ ጋሻ ብቕጽበት ጠፍአ
ግና ኢየሱስ ባዕሉ ነይሩ
እቶም ኽልኦት ናይ ኢየሱስ ተኸታልቲ ቐልጢፎም ኽደልይዎ ወፂኦም
እርኢኹሞዶ ጎይታና?
ማርያምን ጴጥሮስን ኣለው
ብድንገት
ሰላም ንዓኹም ይኩን
ኣነ ከምዝኾንኹ ኣይኣመንኹምን?
ጎይታዬይ ኣምላኽይ


ኢየሱስ ንኣርብዓ መዓሊቲ ዝኾውን ንተኸታሊቲኦም ከምኡውን 500 ንዝኾኑ ሰባት ብሓንሳእ ተራእይዎም።ካብ ደቐ መዛሙሪቲ ሓዲኡ ሓደ ምልክቲ ሰቲ ዓሳ እናርበበ ነይሩ
ዝኾነ ዝብላዕዶ ኣለኩም?
የብልናን ምንም ኣይሓዝናን
መርበብኹም ናብቲ ኻልኣዋይ ቦታ ደርብይዎ
ይገርም እዩ ሒዝና!!
ጎይታና እዩ!
ጎይታይ!
ምሳይ መፂእኹም ትበልዑዶ?



ጴጥሮስ ናይ ብሓቂ ትፈትወኒዶ?
ኢየሱስ እዚ ሕቶ ንጴጥሮስ ሰለስተሻዕ ሓቲትዎ
እወ ጎይታይ ኸምዝፈትወካ ትፈልጥ ኢኻ
ኣባጊዐይ ሓልወለይ
ሰዓበኒ!
ኣብ ሰማይን ኣብ ምድርን ሙሉእ ስልጣን ተዋሂቡኒ ኣሎ ስለዚ ኺዱ ኹሎም ኣህዛብ ብስም ኣቦን ወልድን መንፈስ ቅዱስን እናጥመቕኹም ዝኣዘዝኽኹም ኹሉ ኺሕልዉ ኸአ እናመሃርኩም ደቀ መዛሙርተይ ግበርዎም።
ዘክሩ ኹልሻዕ ምሳኹም እየ ኹሉ ጊዜ በብምዓልቲ ኽሳዕ ዓለም መወዳእታ
ድሕሪ እዚ ቓሉ እዚ ኢየሱስ ኻብ ምድሪ ናብ ሰማይ ዓሪጉ ግን ድማ ተመሊሱ ንፍርዲ ኽመፅእ እዩ

እቶም ተኸተልቲ ኣብ የሩሳሌም መንፈስ ቅዱስ ንኽሙሉኡ እናጸለዩ ፀኒሖም። ኣብ ኢየሱስ ዝነበረ መንፈስ ሕዚ ኣብአቶም ውን ኣሎ። ሕዚ ሓደሽቲ ሰባት ኮይኖም ኣለው።ብዛዕባ ኢየሱስ ንምምስካር ሙሉእ ሓይሊ ኣለዎም።











ሐዚ ብዓለም ዘለው ናይ ኢየሱስ ተኸተልቲ መፅሓፍ ቅዱስ ንምንባብን ንምፅላይን ይተኣኸቡ ስጋን ደሙን ውን ይወስዱ ሞት ኢየሱስ ንምዝካር።እዚ ናይ እግዚአብሄር ፍቕሪ ኣብ ከባቢኦም ነዘለው ንምኽፋል ውን




ናይ እግዚአብሄር ዓላማ ንወዲ ሰብ ብኢየሱስ ገይርዎ
ኢየሱስ ይፈትወና እዩ ነመስግኖ ነሞልኮ!
ኣምላኽ በቲ ሓደ ወዱ ንዝኣመን ኹሉ ናይ ዘልኣለም ህይወት ምእንቲ ክረኽብ እምበር ከይጠፍእሲ ንሓደ ወዱ ኽሳዕ ዝህብ ክንዲዚ ንዓለም ኣፍቐራ።
WILLEM DE VINK

## መፅሓፍ ቅዱስ

ናይ ኢየሱስ ታሪኽ ዝተፀሓፈ ኣብ መፅሓፍ ቅዱስ እዩ። ኣብ መፅሓፍ ቅዱስ ንላዕሊ ዝተነበበ መፅሓፍ የለን። ኹሎም ምፃሕፍቲ ኣጠቓሊሉ ዝሓዘ መፅሓፍ እዩ።እዚ ኩሉ ንምፅሓፍ 1500 ዓመት ወሲዱ።መፅሓፍ ቅዱስ ተፃሒፉ ዝተጠናቐቐ ቅድሚ 1900 ዓመት እዩ።ኹሉ  ዓይነት ብዛዕባ እግዚኣብሄር ዘለው ታሪኻት ተመዝጊቡ ብውሽጡ ዘሎ መፅሓፍ እዩ።ብኻልእ ወገን ድማ እግዚኣብሄር ምስ ሰብ መነባብሮ ዝተኣሳሰረሉ እዩ።ናይ ኢየሱስ ታሪኽ ድማ እግዚኣብሄር መን ምኻኑ ብግልፂ የርእየና

## ናይ ኢየሱስ ታሪኽ



መፅሓፍ ብዛዕባ ኢየሱስ ታሪኽ ዝገልፅ ኣርባዕተ መፃሕፍቲ ኣጠቓሊሉ ዝሐዘ ኣሎ ።እቶም መፃሕፍቲ ብዝፀሐፍዎም ሰባት እዮም ዝተሰየሙ።እቶም ፀሓፍቲ ኹሎም ብኢየሱስ ዘመን ዝነበሩ እዮም።

**ቀዳማይ ማቲዎስ** - ናይ ኢየሱስ ተኸታሊ ዝነበረ  ብቐደም ህይወቱ ድማ ግብሪ ኣካቢ ነይሩ። ብዛዕባ ኢየሱስ ምስ ኣይሁዳውያን ዘለዎ ቅርርብ የርእየና

**ካልኣይ ማርቆስ** - መንእሰይ ነይሩ ብንእሽተዩ ኢየሱስ ይገብሮም ዝነበሩ ተኣምራት ይፅሕፍ ነይሩ

**ሳልሳይ ሉቃስ** - መሪማራይ ሓኪም ነይሩ፣ ንኢየሱስ ቀሪቡ ኣይፎልጦን። ሉቃስ ድማ ኢየሱስ ወዲ ሰብ ስለምኻኑን ኸመይ ገይሩ ምስ ሰባት ይስማማዕ ኸምዝነበረ ይገልፅ።

**ራብዓይ ዮውሃንስ** - ንሱ ውን ናይ ኢየሱስ ተኸታሊ ነይሩ። ብበዝሒ ኢየሱስ መን ኸምዝኾነ የርእየና። ኢየሱስ እግዚኣብሄር እዩ ኢየሱስ ኣምላኽ እዩ።ሰብ ዘኾነ ሰባት ኻብ ሓጥያቶም ንከንጽህ እዩ።

## ናይ ኢየሱስ ውልደትን

ናይ ኢየሱስ ኣዶ ማርያም ኣይተሞርዐየትን ነይራ ድንግል እያ ነይራ። እግዚኣብሄር ኢየሱስ ንኽውለድ ኣዳለወ። እቲ ትንቢት ድማ ኢየሱስ ቕድሚ ምውላዱ ነዊሕ ዓመት  ኣብ መፅሓፈ ተፃሒፉ ነይሩ። ኢየሱስ ኸም ጀጋኑ ወይ ድማ ኸም ሰሙያት ሰብ ኣብ ፅቡቕ ቦታ ኣይተወለደን ኣብ መሕደሪ ኣባግዕ እንበር ተወለዱ።


## ናይ ኢየሱስ ተኣምራታት(ሓይሊ)

ኢየሱስ ብዙሓት ተኣምራት ገይሩ እዩ። ኣብ መፅሓፍ ቅዱስ ልዕሊ ኣርብዓ ዝኸውን ፈውሲ ተፃሒፉ እዩ። ኢየሱስ ብዞም ዝኾኑ ተኣምራታት ናይ እግዚኣብሄር ሓይልን ፍቕሪን ገሊፁ።ብዚ ድማ ንሰባት ምርዳእን ሕጉሳት ንምግባርን ኸምዝደሊ ኣርእዩና።





## ናይ ኢየሱስ ሞቱን ትንሳኤኡን



ኢየሱስ ንምንታይ እዩ ዝሞተ? ኣብ መፅሓፍ ቅዱስ ውሽጢ ብግልፂ ተቐሚጡ ኣሎ

ኹለ ሰብ ሓደ ሓደሻዕ ልክዕ ዘይኾነ ነገር ይገብር። ኸም እግዚአብሄር ዘይቕቦሎ ነገር፡ ከሕዝኖን ከቑጥዖን ዝኽእል ነገር ሓጥያት።ንዚ ኹሉ ሓጥያት ሰባት ምስ እግዚኣብሄር ምሕዝና ኸይነብሮም ይገብር።
ኸምዚ ስለዝኾነ እዩ ኢየሱስ ዝመፀ። ብድሌቱ ኢየሱስ ዓርሱ ንሓጥያትና ተቐቢው ቕፅዓቱ ክዓ ሞት ነይሩ። ኢየሱስ ስለዝሞተልና ምስ እግዚኣብሄር ፍቅራት ምኻን ንኽእል ኢና።
ኢየሱስ ካብ ሞት ተላዒሉ እዩ፤እግዚኣብሄር ከሞት አሊዒልዎ።ስለዘኾነ ድማ እግዚኣብሄር ሓያልን ሓይሉ ልዕሊ ሞት ምኻኑ ኣርእዩና።
ኢየሱስ ሕዚ ምስ እግዚኣብሄር እዩ ዝነብር፡ ስለዚ ድማ ንዓና ፍቁርና ሙኻን ክኢሉ እዩ። ንእግዚኣብሄር ዝሕጎሰሉ ናብራ ኽንነብር ክሕግዘና ይደሊ።

### ..ፀሎት

*ንዝሰራሕኹም ሓጥያት እንተ ተጣዒስኩም እም ምስ እግዚኣብሔር ፍቁራት ሙኻን እንተደሊኩም ከምዚ ዓይነት ጸሎት ፅልዩ!!*
*"ፍቲዊ ኣቦይ ኣድሒንኻኒ*
*ሓደ በይኑ ወዲኻ ሂብኻኒ*
*ስለ ዝሰራሕኽዎ ኹሉ ሓጥያት ኣብ መስቐል ሞይቱ*
*ስለ ዝሰራሕኹዎ ሓጥያት ተጣዒሰ እየ እም ይቕረ በላኒ*
*ኢየሱስ ኣብ ጥቓይ ስለ ዝኾንካ አመሰግንካ*
*ኹልሻዕ ናትኻ ኽኸውን ይደሊ እየ*
*ኽምትደልዮ ዓይነት ሰብ ግበረኒ?*
*ኹልሻዕ ኣብ ጥቓይ ኹን ?*
*ፀሎተይ ስለ ዝሰማዕኻለይ አመሰግንካ*
*ቓል ዝሃብካዬ ትገብር ኢኻ"*

# ኢየሱስን ንሳኻትኩም

ታሪኽ ኢየሱስ ኣይተዛዘመን መፅሓፉ ውን በማሕተም ኣይተሓተመን ንኢየሱስ ብጣዕሚ ቡዙሓት ሰባት ፍቁራቱ እናኾኑ ኽሳዕ ሕዚ መዒኦም እዮም።ዓለም ተቐይራ ኣላ ብዙሓት ሰባት ብኣእዱግን፣ብበቅልን ሕቖ ኣይጉዓዙን እዮም።ግናን ብመኪናን ብነፋሪትን እዮም ዝጉዓዙ።ግና እዚ ንኢየሱስ ዋላ ሓንቲ ለውጢ የብሉን። ኢየሱስ ኣብ እስራኤል ዝጉዓዝ ዝነበረ ሕዚ ውን ንዓና ቐረባና እዩ።
ኽይርአየና ይኽእል ግና ድማ እሱ ናይ ብሓቂ እዩ።ሎምዓንቲ ፍቁር ኽኾነኩም እዩ ዝደልይ ኽትሰምዕዎን ኽትፎትይውዎን የግባእ።

ሀ - ብዛዕባ ኢየሱስን ምስኡ ህይወት ዝበለፀ ምፍላጥ ዶ ትደልዩ? ለ - ብዛዕባ ኢየሱስን ምስኡ ህይወት ዝበለፀ ምፍላጥ ዶ ትደልዩ? እንተደሊኹም እዚ ዝስዕብ ግበሩ።

1 - ንባዕልኹም መፅሓፍ ቅዱስ ኣንብቡ

(ንኣብነት ኻብ ሉቓስ ጀምሪኹም ሓደ ብሓደ ኣንብቡ)

2 - ምፅላይ ጀምሩ ምስ እግዚኣብሄር ተዘራረቡ ስምዑዎ ዋላ ሓንቲ ቋንቋ ምምራፅ ኣያድልይን

3 - ብዛዕባ ኢየሱስን መፅሓፍ ቅዱስን ምስ ኻልኦት ሰባት ኣውግዑ። ሸየሱስ ተከተልታቱ ተኣኻኺቦም ኽበረታትዑ ይደሊ

*ፅሑፍን ስእሊን ዊልያም ደ ቪንግ*
*ናይ ብዓልቤትነት መሰል @ 1993 ናይ ኒዘርላነድ ወለልተል ፣ሆተን*
*ዝተሓተመሉ ብኔዘርላነድ ከም “የሱስ መድሕን” መድሕን”ዝተስተኻኸሎ ብትግረኛ C 2018*
*ኹሉ ናይ ምትርጓምን ምብዛሕን ምምሕያሽ ንኹሎም ዓዲ መሰል ኣለዎም።*
*ኢሜል፡- jmpbk.app@gmail.com*
*እዚ ፈጠራ እዚ ብ ቢዋይ -ሳ እንትኽውን ናይ ሕትመት መሰሉ ውን ዝተሓለወ እዩ።*



*የሱስ መድሕን ዓለም እዚ የሱስ መድሕን ዓለም ናይ ሓቂ ታሪኽ እዩ። ኻብ ቕድሚ 2000 ዓመት ኣብ እስራኤል ውሽጢ ይነብር ነይሩ።ምስኡ ዝተራኸቡ ኹሉ ይድነቑ ነይሮም።እሱ ዝገበሮ ዝገበረ የለን እሱ ዝተዛረቦ ዝተዛረበ የለን።የሱስ ብዝነበረሉ እዋን ትኣምራት እናተገበረ ነይሩ።እሱ ብዘነበረሉ እዋን ዝነበሩ ሰባት ንዝሰምዕዎ ኹሉ ሓጎስን ቕሳነትን ኣምፂእሎም።ብድንገት ድማ ኣብ ዓለም መወዳእታ ክመፅእ እዩ።ብውልቓኹም ኣንብቡ ናይ የሱስ ታሪክ ኸመይ ከምዝቕፅል ርአዩ።*

*language: Tigrinya (Ethiopia)*
*ISBN: 978-90-73150-61-4*